

# ናይ ማሊክ ታሪኽ

LIDA Italia
Vilius Aistis Vilimas
Seyum
4
ትግርኛ ti



ማሊክ ይበሃል ወዲ 39 ዓመት እዩ። ኣብ ኣፍጋኒስታን እዩ ተወሊዱ። ናተይ ሃይማኖት ካብቲ ዋና ሃይማኖት ኣፍጋኒስታን ዝተፈልየ እዩ።



ንብዙሕ ዓመታት ከም ናትይ ሃይማኖት ተኸተልቲ ሰባት ክስደዱ ጸኒሖም እዮም። እዚ ንስድራይ ኣዝዩ ከቢድ እዩ ኔሩ።



ቅድሚ ሒደት ዓመታት ኲናት ነይሩ። ከይቅተል ፈሪሐ። ሓድሽ ህይወት ንምጅማር ስድራይ ገዲፈ ናብ ኣውሮፓ ከይደ።



ንብዙሕ ኪሎሜተራት ብእግረይ ተጓዒዘ። ሓድሓደ ግዜ ምግቢ ኣይረክብን ኔረ ዝሓድረሉ ቦታ ‘ውን ኣይነበረንን። ሓደሓደ ካብቶም ምሳይ ዝተጓዓዙ ሰባት ሞይቶም እዮም።




ኣብ መወዳእታ በጺሖ። ኣብኡ ደቂ ዓደይ ሰባት ረኺበ ሓገዝ ‘ውን ግይሮሙለይ። ብዘይ ብኣታቶም እንታይ ምገበርኩ ኔረ ኣይፈልጥን።



እቲ ቛንቋ ክመሃር ጀሚረ ግን ከቢድ እዩ። ስራሕ ንምርካብ ነቲ ቛንቋ ምዝራብ ኣገዳሲ ምዃኑ ይፈልጥ እየ።



ኣብ መጀመርታ ነቲ ቛንቋ ንምምሃር ንብዙሕ ዓመታት ኣጽኒዐ። ከቢድ እዩ ነይሩ ኮይኑ ግን ሓደሸቲ ነገራት ምምሃር ባህ ይብለኒ እዩ።




ምስ ተመሃርኩ ስራሕ ጀሚረ። መጀመርታ ኣብ ቤት ምግቢ ሰሪሐ። ድሕሪኡ ንኻልኦት ክሕግዝ ስለ ዝደሊ መምህር ኮይነ።



ሓደ መዓልቲ ናብ ኣፍጋኒስታን ከም ዝምለስ ተስፋ እገብር። ኣብኡ ዘለዉ ብዙሓት ሰባት ሓገዝ የድልዮም እዩ። ኣነ ድማ ክሕግዞም ይደሊ እየ።

# LIDA Stories

lidastories.net

## ናይ ማሊክ ታሪኽ

LIDA Italia
Vilius Aistis Vilimas
Seyum

CC BY